Perth Children's Hospital

ሓቅታት ጥዕና

# መጸገኒ ሰባር/ጀሶ

## ምክንኻን ጀሶኹም

ስዒቦም ዘለዉ ነገራት ምግባር ጠቓሚ ኢዩ

- ጀሶኹም ኣይተተርክሱ፥ ኣተውዕዩ፥ ወይ ንምልዋይ ኣይትፈትኑ
- ኣብ ትሕቲ ጀሶ ዘሎ ቆርበት ብብርዒ፣ ብመርፍእ ስፌት፣ ብመስመሪያ ወዘተ ኣይትሕኸክዎ  እዚ ኣብ ቆርበት መጉዳእቲ ከስዕብ ስለ ዝኽእል።
- እቲ ፕላስተር ብግቡእ ንኽነቕጽ ኣብተን ቀዳሞት 48 ሰዓታት ተወሳኺ ጥንቃቐ ምግባር ኣገዳሲ ኢዩ
- ነፍስኻ ክትሕጸብ ከለኻ ነቲ ጀሶ ብናይ ሻሂ ወይ ናይ ኢድ መንቀጺ/ፎጣ ጠቕልሎ፥ ኣብ ልዕሊኡ ድማ ናይ ላስቲክ ከረጢት ሽፍንዎ።
- ኣጻብዕቲ ኢድ ወይ ኣጻብዕቲ እግሪ ኣብ ውሽጢ እቲ ጀሶ ሽታሕታሕ  ከምዘይብሉ ኣረጋግጽዎ
- እቲ ዝተጎድአ ኢድ/ኣጻብዕቲ ወይ እግሪ/ኣጻብዕቲ እግሪ ድሕሪ እቲ ጀሶ ምእሳሩ  ኣብተን ዘለዋ ቀዳሞት 48 ሰዓታት ኣብ መዓልቲ ብዙሕ ግዜ ተዓዘብዎ፤
    - ዓቐን ሙቐት – ክትንክፍዎ ከለኹም ዝሑም ወይ ቁሩብ ዝሕል ዝበለ ክኸውን ኣለዎ (ከምቲ ካልእ መሓውር)
    - ሕብሪ ቆርበት – ምስቲ ካልእ መሓውር ሓደ ክኸውን ኣለዎ።
    - ምንቅስቓስ – ክቕንስ ይኽእል እዩ።
    - ዳህሳሳዊ ስምዒት – ምስቲ ካልእ መሓውር ሓደ ክኸውን ኣለዎ።
    - ሕበጥ – ሕበጥ ኣጻብዕቲ እግሪ፥ ኣእዳው ወይ ኣጻብዕቲ ኣብ መጀመርታ ንቡር ኮይኑ፡ ድሕሪኡ ኣብ ዝቕጽሉ ውሑዳት መዓልታት ግና በብቑሩብ ብዓቕኑ ክጎድል ኣለዎ።

ብዛዕባ እዚ ኣብ ላዕሊ ዝተጠቕሱ ነገራት ዝኾነ ዓይነት ስኽፍታ እንተሃልዩኩም፡ በጃኹም ኣብ ከባቢኹም ናብ ዝርከብ ሓኪም ወይ ኣብ ቀረባኹም ዝርከብ ክፍሊ ህጹጽ ረድኤት ከይድኩም ተረኣዩ።

## ናይ  መሸፈኒ መጉዳእቲ /Bandage ክንክን

### ተመጣጢ መእሰሪ  ዘለዎ ፕላስተር

- እቲ ፕላስተር ጽኑዕ ንኽኸውን መዓልታዊ ደጊምካ ምእሳር የድልዮ ኢዩ።  ኣብ ልዕሊ እቲ ዝጸንሐ  መሸፈኒ መጉዳእቲ /Bandage ብጽኑዕ ተመጣጢ መጠቕለሊ መዓልታዊ ደጊምኩም ክትኣስርዎ የድልየኩም እዩ። ነቲ ፈላማይ  መሸፈኒ መጉዳእቲ /Bandage ኣይተልግስዎ።
- ነርስ ወይ ሓኪም ካብ ኣጻብዕቲ ኢድ ወይ ካብ ኣጻብዕቲ እግሪ ጀሚርኩም ክሳብ መሓውር ከመይ ጌርኩም ክትጥቕልልዎ/ክትኣስርዎ ከምዝግባኣኩም ከርእዩኹም እዮም።
- ቅድሚ ካብ ሆስፒታል ምውጻእኩም ተመጣጢ መሸፈኒ መጉዳእቲ /Bandage ክወሃበኩም እዩ።

### ፕላስተር ምስተመጣጢ ሕብራዊ መሸፈኒ መጉዳእቲ /Bandage

ከም ብሓዱሽ ምእሳር ዘድልዮ ኣይኮነን

### ምሉእ (ላስቲክነት ዘለዎ/ፋይበርግላስ) ጀሶ

ከም ብሓዱሽ ምእሳር ዘድልዮ ኣይኮነን

## መዓልታዊ ምንቅስቓስ

መንጠልጠሊ (እንተተዋሂብዎ) – ክሳብ ውላድኩም ንቡር ቅልጽሙ እሳብ ዘንቀሳቕስ። እዚ ድማ ሕበጥ ንምንካይን ቃንዛን ምሕዋይን ክሕግዝን እዩ።

ናይ ምጉዓዝ ሓገዝቲ (ምርኩስ በትሪ) ተጠቐሙ – እንተተዋሂብኩም

ስዒቦም ዘለዉ ነገራት ንኽትገብሩ ይምከር

- ንጡፍ ምንቅስቓስ ኣጻብዕቲ ኢድ ወይ ኣጻብዕቲ እግሪ ናይቲ ዝተጎድአ መሓውር ምትብባዕ ኣድላይ ኢዩ
- ስፖርታዊ ምንቅስቓስ ኣይትግበሩ
- ክሳብ ዝምችወኩም  ናብ ቤት ትምህርቲ ኣይትኺዱ
- ውላድኩም እንድሕር ዘይተረጋጊኡ ፥ ቅልውላው እንተቢልዎ ወይ ሸውሃት እንተነኪዩ ናብ ሓኪም ውሰድዎ።
- ንጽቡቕ ደገፍ ነቲ ፕላስተር ኣጽኒዕካ እሰሮ

ውላድኩም ነቲ ዝተጎድአ መሓውር ካብ 24-48 ሰዓታት ዘለዉ መጀመርታ ሰዓታት ኣብርኽ ኣቢሉ እንድሕር ኣቐሚጥዎ ዚያዳ ምቹው ኮይኑ ክረኽበ ይኽእል እዩ (ንኣብነት ክድቅስ ወይ ኮፍ ክብል ከሎ ኣብ ትሕቲ ዝተኣሰረ ጉዱእ መሓዉር መተርኣስ ምግባር ) እዚ እቲ ሕበጥ ንኽጎድል ክሕግዝ ይኽእል ኢዩ።

## ፈውሲ ቓንዛ

እዞም ዝስዕቡ ንኽትገብሩ ይምከር

- ንቓንዛ ኣድላዪ ኣብ ዝኾነሉ እዋን ፓራሲታሞል ወይ ኢቡፕሮፈን በቲ ኣብቲ ባኮ ዘሎ መምርሒ ተኸቲልኩም ሃቡዎ።
- መድሓኒት ተዋሂብዎ እንድሕር ዘይሓሸ ናብ ሓኪም ውሰድዎ።

## ተኸታታሊ ክንክን

- ኣብ መንጎ ምክትታል ቆጸራታት ዘሎ ንውሓት ግዜ ከከም ባህሪ ናይቲ መጉዳእቲ ክፈላለ እዩ።
- ወይ ናይ ቆጸራ ሰዓትኩም ክሕበረልኩም ወይ ድማ ቆጸራኹም ንኽተሓዘልኩም ክትድውሉሉ እትኽእሉ ቁጽሪ ተሌፎን ክወሃበኩም እዩ።

## ርኽቡና

ድሕሪ ምፍናውኩም  ካብዞም ኣብ ታሕቲ ዘለዉ ብዝምልከት ዝኾነ ስክፍታ እንተሃልዩኩም፤

- ቃንዛ፡ ሕበጥ፡ ምቕያር ሕብሪ፡ ምንካይ ዳህሳሳዊ ስምዒት ወይ ምንቅስቓስ ኣጻብዕቲ/ ኣጻብዕቲ እግሪ ኣብቲ ፕላስተር ካስት
- ናይቲ ጀሶ ፕላስተር  ልስሉስ፣ ልሕሉሕ ወይ ዝተሰንጠቐ ነገር እንድሕር ኣለዎ መሲሉኩም።
- ኣብ ውሽጢ እቲ ናይ ጀሶ ፕላስተር ዘሎ ቆርበት እንተ ተለኺፉ  (ውላድኩም ኣብቲ ውሽጢ ጀሶ ሕማቕ ጨና ወይ ሰዓል  እንድሕር ኣለዎ ኾይኑ)

ድሕሪኡ በጃኹም ውላድኩም ናብቲ ኣብ ከባቢኦም ዝርከብ ሓኪም፣ ወይ ኣብ ቀረባ ዝርከብ ክፍሊ ህጹጽ ረድኤት ውሰድዎ።

Government of Western Australia
Child and Adolescent Health Service

**Child and Adolescent Health Service**
15 Hospital Avenue, Nedlands, WA, 6009.
ቁጽሪ ስልኪ: (08) 6456 2222
ብክፍሊ ህጹጽ ሓገዝ ዝተዳለወ
Ref: 216.11 © CAHS 2023

**መዘኻከሪ:** እዚ ሕታም እዚ ንሓፈሻዊ ትምህርትን ሓበሬታን ተባሂሉ ዝተሓትመ ኢዩ። ንዝኾነ ድልየት ሕክምናዊ ምኽሪ ንብዓል ሞያ ክንክን ጥዕና ኣዘራርቡ
© State of Western Australia, Child and Adolescent Health Service

እዚ ሰነድ እዚ ንሓደ ስንክልና ዘለዎ ሰብ ብዝተሓተተሉ ኣገባብ ብኣማራጺ ቅርጺ ክቐርብ ይኽእል ኢዩ።